

# ኢሳያስ ኣፈወርቂ
## ካብ ጎሓፉት ኢስካሪኮ ዘይሓይሽ ዘረባታት ይገብር።


***መልሲ ናይ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ንቃለ ምሕተት፡***
**Eritrean President Isaias Afwerki Interview 2017።**

**ዲሰምበር 28፡ 2017**
**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**

***ዝላዓለ ጥርዚ ናይ ሓይልኻን መዋእልካን ሃሪምካ፡ ኣብ ናይ ምንቁልቋል ዘበን ረጊጽካ ዘሎኻ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ጎሮሮ ጸንቂቕካ ሃተፍ መተፍ ናይ 2017 ክትገብር ምብቃዕካ፡ እንቋዕናይ ልብኻ ሓጎሰካ።***

***ካብ ሕሱም ዊንተር ካናዳ ንምህዳም፡ ኣብ ጉድጓድ ሃጢሙ ከም ዝጸንሐ እሞኒ መሬት ምውኻ ምስበለ ንቅልያት ቦሎኽ ዝበለ ድቢ ካናዳ፡ ንስኻ 27 መዓልታት ቆጺርካ፡ ሕጂ ናብታ እማሚየ ትብላ፡ ተናፋቒት ካሜራኻ ቲቪ ኤረ፡ ሃንደበት ቅልቅል ምባልካስ ዘይንቡር ኮይኑ ረኺበዮ።***

***ሃንደበቱ፡ ሎምስ ንህዝቢ ኤርትራ ኣመና ፍጊዕ ኢልካዮ ስለዝኾንካ፡ ዝበልካ እንተባልካ'ስ ጎሓፍ ናይ ኢስካሪኮ፡ መን ክቕበለካ ትሓስብ ኣሎኻ?***



ኣቶ ኣስመላሽ በርሀ፡ ዋና ዳይረክተር ናይ ቲቪ ኤረ ኣብቲ ኢንተርቪው።

ሃተፍ ተፍ ተፍ ትበለለን ዘሎኻ ናይ ሕርጊጎ ወይ ናይ ፉንኮ ጀነረይተራት፡ መንዩ ክኣምነካ? ህዝቢ ኤርትራ፡ ካባኻ ኣይርኣየ፡ ናይ ጽዓት ረፍታ ክረክብ ዘበት ምኻኑ፡ ዝተፈልጠ ነገርዩ።

ተሰነይ . . . ዓሊግድር. . . ፉንኮ . . . ሃይኮታ . . . ከርከበት . . . ግርሰት . . . ኦም ሓጀር . . . ኣቘርደት . . . ገርገራ . . . ሃዘሞ . . . ኮርባርያ . . . ደቀምሓረ . . . መንደፈራ . . . ጽልማ . . . ኣስመራ . . . ካርነሽም . . . ከረን . . . ጊንዳዕ. . . ከባቢ ዓሰብ . . . ወዘተ ኢልካ ኩለን ሰዱምካየን። ወደያይ፡ ካርታ ኤርትራ ዲኻ ትምህረና ዘሎኻ? ንምኻኑ እታ ኮርባርያ ዓደይ፡ ኣብቲ ካርታኻ ዝጠቐስካለይ ብራዋ።

ኣብቲ ናይ እማሚየ ሃተፍ ተፋት፡ ኣብ ጽዓትን ኣብ ቀረብ ማይን ብዙሕ ለፍሊፍካ። ናይ ጽዓትን ናይ ቀረብ ማይን ጉዳያት፡ ነቶም ናይ ጸዓት ወይ ናይ ዕቃበ ማይ ኢንጂነራት ዘይትሓድገሎም፡ ካብ መወዳእታ ዘይብሎም ሸንኮለላት? ለፍላፊ ሓሜን፡ ኣብቲ ትፈልጦ ነገራት ዘይትዛረብ?

ዎ ኢሳያስ፡ ኣብቲ ዝጠቐስካዮ ናይ ባሕሪ መጉዓዝያ ብዛዕባ ፍረይት (Freight) ተዛሪብካ። እዞም ክቡራን ኢህወደግ ናይ ኢትዮጵያ፡ ካብ ጂቡቲ ንኣዲስ ኣበባ ዝበጽሕ ዘመናዊ ሃይ ቴክ መጉዓዝያ ባቡር ምድሪ ሃኒጾም ከምዘለዉ ትፈልጥ ኢኻ።

እዚ ዘመናዊ ሃይ ቴክ መጉዓዝያ ባቡር ምድሪ ናይ ኢትዮጵያ፡ ከምቲ ግቡኡ ካብ ጅቡቲ ዘይኮነስ ካብ ዓሰብ ክኸውን ኔርዎ። ግና ንስኻ ጨው እግሩ

ስለዝሓሰድካና፡ ኣብዚ እዋን ኤርትራ ዘይኮነስ ጅቡቲ ትበሎ ኣላ፡ ዘይተኣደነ ሽላልን ኢትዮጵያ።

ካልእ ዝገረመኒ፡ "ሳስተይናቢሊቲ (Sustainability)" ዝብሉ ቃላት ደጋጊመ ሰሚዔልካ። "ህዝቢ ኤርትራ ብጽኑዕ ክምለኽ እንተኾይኑ፡ ክጸገብ የብሉን፡ ህዝቢ እንተጸጊቡ ኣብ ልዕሊ መራሕቱ ሓፍ ሓፍ ኢዩ ዝብል" ተኺን ሰረተ እምነት ዘሎካ ሰብ'ሲ፡ ብዛዕባ "ሳስተይናቢሊቲ" ምዝራብካ፡ ንኣዳም ገረሞ'ዩ።

ጸባ'ዲዩ . . . ርግኦ'ዲዩ . . . ጠስሚ"ዲዩ . . . ላህመት'ዲዩ . . . ኣጅቦ'ዲዩ . . . ኢልካ፡ ምራቓት ኣብ ኣፈይ ዘንዝዕ ዘረባታት ዘርዚርካለይ። ላም ኣላቸን በሰማይ ወተትዋን የማላይ፡ በሉ ጎረቤትና። ወደያይ፡ እቲ ክራባታ ዝኾነ መልሓስካ፡ ካባይ ናበይ ዲኻ ተወናጭፎ? ማማ ሚያ!

ወዲ እሮም፡ ብዛዕባ ናቕፋ ጠቒስካለይ። ናቕፋ መንቁፋ ድኣኒ ባዕልኻ እንዲኻ ሕርሕራይ ጌርካ ቀቲልካያ። ሕጂ ብዛዕባ ቫሊዩ ናይ ናቕፋ ክትልፍልፈለይ። በጃኻ ተሓባእ።

ወደያይ፡ ኣብቲ ኢንተርቪው እቲ ንስኻ ትብሎ ዘሎኻ ዘረባታት ካብ ቴለፕሮምፕተር ድኣምበሪ ምሉእ ብምሉእ ካብ ኣእምሮኻ ተንብቦ የለኻን።




ቴለፕሮምፕተር

ካብ ቴለፕሮምፕተር ብምንባብ ኢኻ፡ ነቶም ጽፍጻፋት ዝኾኑ ኣስማት ናይ ዓድታት ወይ ምሩጻት ቃላትን ሓረጋትን ትድሕድሖም ዘለኻ። ወደያይ፡ ጨለ ተዋሳኣይ ኢኻ።

"ዝዓበየ ጸጋም ናይ ኣባይቲ ሽግር'ዩ" ኢልካ ገሊጽካለይ። "ዘዕግብ ፍታሕ ኣይረኽብናሎምን" ኢልካ ድማኒ ፍሕሹው መልሲ ኣምሊቑኳ። ኣገናዕ ወዲ ኣፎም፡ 50% ናይቲ ቅኑዕ መልሲ ረኺብካዮ ኣለኻ። እቲ ዝቐረየ 50% ናይቲ ቅኑዕ መልሲ ክሕግዘካ እፈቱ። ፊን ከምዝበለካ ጠገለ ዘይብሉ ማሕበራዊ ኢንጅነሪንግ፡ ኣብ ኤርትራ ኣተኣታቲኻ። ናትካ ማሕበራዊ ኢንጅነሪንግ ኣይሰርሐን እንትርፊ ብዙሓት ዝተወሳሰቡ ሽግራት ምቅዋስ። ሽግር ኣባይቲ ድማኒ ሳክት ኣብ ቲቪ ኤረ ብምልፍላፍ ዝፍታሕ ዘይኮነስ፡ ከነብጭራሹ ንስኻ ካብ ገጽ ኤርትራ ምስትጠፍእ'ዩ።

"ሓላል መኽሰብካ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ . . . ስጋ ሰብ እንዳመንጨትካ ግን ክትነበር ኣይትኽእልን ኢኻ" ኢልካ ክትዛረብ ምድፋርካ፡ ብዙሕ ደንጺዩኒ። ኣብ ኤርትራ፡ ካባኻ ንላዕሊ፡ ስጋ ሰብ እንዳመንጨተ ዝነበር ሰብ ኣሎ'ዲዩ? ደግያት በለጡ!

ዩቱብ፡ ብዘይካ'ቶም ከም ከዋኽብቲ ማእለያ ዘይብሎም ቁም ነገራት፡ ከም ኢስካሪኮ መዓት ጎሓፋት ዓቒቡ ዘሎ ዲጂታላዊ መኻዚኖ ኢዩ። ሕጂ ከኣ ዝጸልኣሉ ዩቱብ፡ ናትካ ተደራቢ ጎሓፍ ዓቒቡ ይጓዓዝ ኣሎ።

ኣሪቨደርቺ ወደያይ።